

ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን







# ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን
# ዓመታዊ ናይ ትምህርቲ ምስክር ወረቐት ዓዲላ

ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ብዕለት 07.07.18 ወለድን ሸማግለ ማሕበረኮምን ምማህራን ዝተሳተፍዎ ዓመታዊ ናይ ቤት ትምህርቲ መዕጸዊ ስነ ስርዓት ኣብዘካየደቶ ንተምሃሮ ቋንቋ ኣደ ናይ ዓመት ጻምኦም ምስክር ወረቐት ዓዲላ ።

እዞም ተመሃሮ እዚኦም ኪኖእቲ ቋንቋ ኣደ ምምሃር ፡ ታሪኽ ሃገሮምን ባህሎምን ክፈልጥሉን ከዕቅብሉን ከማዕብልሉን ብዘኽእል ኣገባብ ክናበዩ ከለዉ ፡ ብተወሳኺ ኣብ ዓመታዊ ሃገራዊ በዓላትን ዝኽርታትን ፡ ዝተፈላለየ ሃገራዊ መልእኽቲ ሓዘል ጽሑፋትን ፤ መዛሙርን ፤ ዜማታትን ብምቕራብ ኣብ ከተማ ከለን ብግብሪ ኣመስኪሮም እዮም። ናይዞም ብማ/ኮም ዝናበዩ ተማህሮ ኣብ ርእሲቲ ዝቐስምዎ ትምህርቲ ፡ እቲ ናይ ኤርትራዊ ቐንዲ መለለዪ ዝኾነ ዝምስርትዎ ፍቕሪን ፤ ምሕዝነትን ፡ ከቱር ምንፍፋቕን እዩ ። ነዚ ቅዱስ ዕዓላማን ሃገራውነትን መንነትን ባህልን ንምዕቃብ ብምሉእ ሕልና ብጉልበትን ብቑጠባን ከይተሓለሉ ናይ ዘበርከቱ ግዱሳት ኣባላት ማሕበርን መማህራንን ወለድን ውጽ ኢት እዩ።

ደቅና ተሳተፍቲ ናይ ልዑል ሃገራዊ መኣዲ ንኹኾኑን ፡ ምስ ኣሕዋቶም ተሓዊሶም ነቲ ኽቡር ባህሎም እናኣስተምቐርዎ ክዓብዩን ፡ ግዜ ከይሓለፎም ኣብ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ማ/ኮም ንክተሳትፍዎም ንላቦ።

ዓወት ንሓፋሽ

ኮሚቴ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን